# እታ ኩሉ ዘምሕረላ

ቀንዴል ገዛ  ጥዋፍ  ቤተ ልሄም
ንሳ ዘይብሉ ሂወት ጸላም እያ ዓለም

መሰረት ስድራ ይባረኺ ዕትብታ

እታ ዘይፍታሕ ቅናታ  ስጡም ድግዲጊታ

ውሉዳ ንስለ ሪም መሪቓ  እተፋኑ
ሃበርም ክኾኑላ ሓዮታት ጀጋኑ
ድልድል መላግቦ እያ ሕሳስ ልደ ምስ ቦኸሪ
ዘይነጽፍ ምንጫ ፈለግ ዓይኒ ማይ ሓቒቕ እትዛሪ

ኩሉ ዘምሕረላ

ስልማታ ቀንጢጣ ሃገር ትስልም

ቡቃልያ ማህጸና  ንስለ መሬት መኒና ተግዝም

ጸኒዓ እተጽንዕ  ተቢዓ እተትብዕ
ዓጢቃ እተዕጥቕ ቀዳመይቲ ኣብ መስርዕ

ውራይ ሃገር ንሳ ማዕርጉ ንሳ ግርማኡ
ክተትን መኸተን ንሳ ቀላሲቱ ንሳ

ዋንኡ
ጎር ኮይና በዓቲ ሰታሪት ምስጢር

ሰውራኣ
ገድሊ ዘዕኮኸቶ ጆባእ ኢላ ቆፎኣ ንጽባኣ

ንሳ እወ እታ ዘይትጀጁ
እንኮ ዘርኣ ንድሕነት ሪም ተበጁ
መን ኣሎ እንትርፎ ንሳ እታ ጽንዕቲ
ብዕልልታ ትቕበል ንናይ ደቃ መስዋእቲ

ሸግር ዘይመልካ ተመስገን ኣመላ
ሕላገት ጽንዓት ኩሉ ዘምሕረላ
ሕጽብቲ መዓንጣ ፈጣሪት ሃገር ዶ

ክብላ
ከማኺስ ኤርትራዊት ኣበየናይ ዓለም ኮን ኣላ

ልዕሊ ኣባጽሕ ዶዞር ትመርሕ

መሬታ  መሬት ሕድሪ  ኣኻውሕ ነዲላ  ድሩቕ ተስብሕ
ነፋሪት ተብርር ፧ኣበይ እያ እሞ ዘይትወፍር

ትኣሊ  ትውድን  ትቕልስ ትምልምል ተማሓድር

ኩሉ ዘምሕረላ  ኣብ ዝወዓለቶ ተድምዕ

እንታይ ክንብላ እሞ  ኣበይ ክህሉ እዩ ንሞያኣ ዝበቅዕ
ሕጽብቲ መዓንጣ ዘይትጀጁ ዕጽፊ ስግማ

ትንብርረለይ እዛ  ግምጃ ሃገር እታ ብዓልቲ ግርማ

እወ ኩሉ ዘምሕረላ

ጽንዕቲ ኣብ ኣብ መትከላ

ዉቁብ ማሕዘላ እንትርፎ ኣናብስ  በትኪ ዘይረሩ

ሃያብ መሶባ  ምስ  ፍሕሹምው ገጻ

ርህርህቲ  ወትሩ

ብርኽበታ ትዓግብ  ተመስገን እተቐድም ኩሉ ዘምሕረላ

ብጸበባ  ዘይይጀጁ ሓላለይ ዳዕሮ  ዶ ክብላ

እወ!!!   እዛ   ኩሉ ዘምሕረላ

በቲ  ሃያብ ኢዳ ነቲ ሕሉባ ንጹፋ

ሰውራኣ ዘታተየት  ናይ ኢዳ ነጊፋ

ስልማታ ቀንጢጣ ሃገረይ ማዕትርበይ እትብል

ረዛን ዘውዲ   ድባብ  ሃገር  ክብርቲ ኣኽሊል

እቲ ትማሊ ኣብቲ ሕሱም እዋን ገጥ ኢላ ገጥ ዘበለት

ስረ ዘዕጠቐት

ምድረ  ሰማይ ክትዋላእ ገጻ ኣዕቲባ ንስለ ሪም ዝነኸሰት

ፈራይት ኣናብስ ፈራይት ዋዕሮ ሓየት

ሎሚ ውን ኣብቲ ራራዊ ማሕዘላ
እዩ ዘሎ ቲ ምስጢራ

ዝተኻኻእ  ጸጋኣ ካብን  ናብን መላግቦ ሕመረት  ኣውራ

ሳቦያ ትብል  ኣላ  ንህንጻትን ዕብየትን ዓዲ

ኩሉ ዘምሕረላ እንድያ ዝያዳይ ኒሕ ስንቃ እንድያ ግዲ

ኩሉ ዘምሕረላ

ኣሸናፊ ኣብርሃም (ኣሼ)

ጀርመን